ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

## ዕዉት ወተሃደራዊ ዜና

**ጀጋዱ ኣሃዱታት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ደግሓኤ ኣብ ልዕሊ ናይ ጸላኢ ኣሃዱ ስለያ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው ጸላኢ ዝሕዝሕ ኢሉ ናብ ቦትኡ ክምለስ ብምግዳድ ብሰላም ናብ ቦትኦም ተመሊሶም።**

**ሎሚ መዓልቲ** 28 **ግንቦት** 2015 **ጀጋኑ ኣሃዱታት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና መሳሕል ኣኽራን ፍሉይ ሽሙ ኣብ መንጎ እምባ-ጎቦይቶን ዓዲሽሁን ኣብ ዝርከብ ዓዲ ኣሃዱታትና ከምቲ ልሙድ ናይ ፖሮፓጋንዳን ምልዕዓልን ውደባን ህዝባዊ ሰረሓት ኣብ ዘካይድሉ ዝነበሩ ህሞት ናይ ስለያ ኣሃዱ ጸላኢ ተሃንዲዱ ብምምጻእ ከጥቅዖም ፈቲኑ። ኣብዚ ናይ መጥቃዕቲ ፈተነታትዚ ጀጋኑ ተባዓት ኣሃዱታትና ነብሶም እናተከላኸሉ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው ጸላኢ ዛሕዛሕ እናበለ ተበታቲኑ ናብ ዝነቀጠሉ ቦታኡ ክምለስ ከም ዝተገደደ ካብቲ ቦታ ዝመጸና ዕዉት ወተሃደራዊ ዜና ይሕብር።**

**እዚ ሕጂ ጸረ-መጥቃዕቲ ዝተወሰደሉ ናይ ጸላኢ ናይ ስለያ ኣሃዱ'ዚ ቅድሚ ሕጂ እውን ብተመሳሳሊ ተሃንዲዱ ብምምጻእ ኣብ ልዕሊ ኣሃዱታትና ከጥቅዕ ከም ዝፈተነን ተጸፊዑን ክሳራታት ተጎልቢቱን ከም ዝተመልሰን እቲ ካብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት** (**ደግሓኤ**) **ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ። እዚ ቀንጻሊ ናይ ስለያ ኣሃዱ'ዚ ኣብቲ ከባቢ ንዝነብር ሰላማዊ ህዝቢ በብግዜኡ ከበሳብስን ክኣስርን ዝጸንሐ ሓደገኛ ናይ ጸላኢ ዕሉል መጋበሪያ ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ምኻኑ እውን ይፍለጥ።**

**ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!**

**ሞት ንጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ!**

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ**<br>
**ደግሓኤ**<br>
28 **ግንቦት** 2015